metropolregion hamburg

# ብናይ ኢደጥበብ ስራሕ ብነብስኻ ምሕዳር ወይ ባዕለ ተቈጻርነት
# - ሓበሬታ ንስደተኛታት -

ብንብስኻ ምሕዳር ወይ ባዕለ ተቈጻርነት ሓደ ዓይነት ስራሕ እዩ። ብነብሶም ዝሓድሩ ኣብ ሓደ ኩባኒያ ተቈጺሮም ዝሰርሑ ኣይኮኑን። ብነብሶም ዝሓድሩ ብዕድሎም ምስ ዝተፋላለዩ ዓሚላት እዮም ዝሰርሑ። ብነብሶም ዝሓደሩ ሓለቓ የብሎምን። ብነብስኻ ንምሕዳር ሓደ ትካል ምግዛእ ከም ሓድሽ ትካል ምምስራት ሓደ ትኽእሎ እዩ።

## 1. ኣብ ዝምልከቶ ቤት ምኽሪ ኢደጥበብ ምምዝጋብ

ኣብ ጀርመን ብነብሱ ሓዲሩ ናይ ኢደጥበብ ስራሕ ክሰርሕ ዝደልይ ሰብ ኣብ ዝምልከቶ ቤት ምኽሪ ኢደጥበብ ክምዝገብ ኣለዎ። ንምምዝጋብ ወሳናይ ዝኸውን እቲ ናይ መንበሪ ቦታ ኣይኮነን ። ወሳናይ እቲ ተሰርሓሉ /ትሰርሕሉ ቦታ እዩ። እቲ ቤት ምኽሪ ኢደጥበብ ናይ ኢደ ጥበብ ትካላት ፣ ናይ ሰራሕተኛታትን ናይ ሰልጠንትን መሰልን ረብሓን ኣብ መንግስትን ኣብ ናይ ኤኮኖሚ ሓለፍትን ዝውክል እዩ.። ሓደ ትካል ኣብ ቤት ምኽሪ ኢደጥበብ ምምዝጋብ ብሕጊ ዝተወሰነ እዩ። ምስተመዝገብካ/ኪ ናይቲ ቤት ምኽሪ ኢደጥበብ ኣባል ትኸውን /ትኾኒ። ናይ ኣባልነት ክፍሊት ኣሎ። ከንደይ ከምዝኽፈል ብብዙሕ ኩነታት ዝውሰን ይኸውን። ኣብ ጀርመን ብዙሕ ዓይነት ናይ ኢደጥበብ ስራሓት ኣሎ። ንኣብነት ፈለኛሞ ፣ ነዳቓይ፣ ከዳኒ ናሕሲ፣ ናይ ስኒ ሕክምና ተክኒከኛ ፣ ሰራሕ ባኒ ወይ ህንጻ ዘጽርይ ። .

## 2. ኣብ ናይ ኢደጥበብ ስራሕ ብነብስሓ ምሕዳር ብዝምልከት ዘድልይ ቅድመ ኹነት

ናይ ኢደጥበብ ስራሓት ፍቓድ ዘድልዮምን ዘይድልዮምን ኣለዉ።

### 2.1. ዝስዕቡ ፍቓድ ዘድልዮም ናይ ኢደጥበብ ስራሓት ንምስራሕ ቅድመ ኹነት ምምላእ የድልይ።

<u>ናይ ትምህርቲ ወይ ስልጠና ወረቐት ምስክር ወይ ሰርትፊከይት ዘድልዮም ናይ ኢደጥበብ ስራሓት</u>

1 ነዳቓይ
2 ምድጃን መሞቒ ገዛን ዝገጣጥም
3 ጸራባይ
4 ከዳኒ ናሕሲ
5 ሰራሕ ጽርግያ
6 ናይ ገዛ ሙቐት ንኸይወጽእ ዝዓግት መሳርሒ ዝተክል ሰብ
7 ኢላ ዝሰርሕ
8 ጸራባይ እምኒ፣ ወቓራይ
9 ለሳኒ
10 ቀባእን ለኻይን
11 ነዳቐ ኣብ ዝሰራሕ ህንጻ ዝማላለሱሉን ዝቖሙሉን መቖሚያ ጣውላ መሰጋገሪ ዝሰርሕ
12 ትቦ ናይ ትኪ ዘጽርይ
13 ሰራሕ ሜታል
14 ንመጥባሕቲ ሕክምና ዘገልግሉ መሳርሒታት ዝምልከት ሙያዊ ክእለት ዘለዎ
15 ካሮሰርያ ዝገጥም ፣ ተሽከርካሪ ዝገጣጥም
16 ዓብይ ክእለት ዘለዎ መካኒክ
17 ናይ ብሽክለታን ብሽክለታ ሞቶርን መካኒክ
18 ናይ መዝሓሊ ትካል ወይ ፋብሪካ መካኒክ
19 ናይ ሓበሬታ ተክኖሎጂ ኪኢላ
20 ናይ ኣውቶሞቢል ተክኒከኛ
21 ናይ ሕርሻ ማሺነሪ መካኒክ
22 ኣንጠረኛ ብረት ወይ ጠበንጃ
23 ገጣም ቱቦታት (ኣድራውሊኮ)
24 ገጣም ፣ገጣም መውዓዪ
25 ኤለክትሪከኛ
26 ናይ ኤለክትሪክ ማሺን ዝተክል
27 ጸራባይ ፣ፈለኛሞ
28 ሰራሕ ጀልባን መርከብን
29 ሰራሕ ገመድ
30 ሰራሕ ባኒ
31 ምቁር ነገራት ዝሰርሕ ወይ ዝሸይጥ
32 ሓራድ ስጋ
33 ሰራሕ መነጽር ዓይኒ
34 ናይ መስምዒ መሳሪያ ተክኒከኛ
35 ናይ ሰነ ወጌሳ ኦርቶፐድያ ክእለት ዘለዎ
36 ሰራሕ ጫማ ንሕሙም እግሪ
37 ናይ ስኒ ሕክምና ተክኒከኛ
38 ቀምቃማይ ፣ መሻጢ
39 ገራዚ መረጼን
40 ነፋሕ ጠርሙስ፣ ናይ ጠርሙስ መሳርሒ ዝሰርሕ
41 ናይ ተሽከርካሪ ጎማ ተክኒከኛ

እዞም ስራሓት ባዕልኻ ንምስራሕ ዝስዕቡ ቀድመ ኩነታት ምምላእ የድልይ

ሀ.) ብኢደ ጥበብ ወይ ምስ ኢደጥበብ ዝተታሓሓዘ ወረቐት ምስክር ዘለዎ

ለ) ወረቐት ምስክር ዘለዎ ናይተክኒክ ብዓል ሞያ ወይ
ሐ) ብዲፕሎማ ዝተመረቐ መሃንድስ ወይ እንጅነር ወይ
መ) Industriemeister, oder
ሰ) ካብ ናይ ቴክኒክ ዩኒቨርሲቲ ዝተመረቐ፣ እዚውን እቲ ዋና ትምሕርቲ ምስ ኢደጥበብ ዝማሳሰል እንተኾይኑ እዩ ወይ
ረ ) ፍሉይ ፍቓድ ካብ ቤት ምኽሪ ኢደጥበብ ምርካብ ወይ
ሸ ) ተቐባልነት ዝረኸበ ናይ ወጻኢ ናይ ስራሕ ወረቐት ምስክር እንተ ኣለካ/ኪ።
እቲ ዝተምሃርካዮ/ዝተምሃርክዮ ምስ ናይ ጀርመን ትምህርቲ ማዕረ ምዃኑ ክረጋገጽ እዩ።

2.2 ዝስዕቡ ናይ ኢደጥበብ ስራሓት ብዘይ ፍቓድ ምምዝጋብ ይካኣል ።

ናይ ትምህርቲ ወይ ስልጠና ወረቐት ምስክር ወይ ሰርትፊከይትን ፍቓድን ዘየድልዮም ናይ ኢደጥበብ ስራሓት

- መትሓዚ ኮንታይነርን መሳርሕን ዝተክል
- ካሻስትሩሳን በረንዳን ዝሰርሕ
- ሰራሕ ቀስቲ
- ሰራሕ በርሚል
- መስተ ዚዘሙቕን ናይ መስተ ብቑሊ ዘዳልው
- ሞያኡ መጽሓፍ ብገበር ምሽፋን ዝኾነ ሰብ ፣ ጠራዛይ -
  - ጸራባይን (ስኒ ሓርማዝ ቀራጻይን ) መጻወቲ ብዕንጨቲ ዝሰርሕን
- ሓታማይ
- ከቡር እምኒ ቖራጻይን ወቓራይን
- ሞያኡ ልሙጽ ዝባን ፣ ሉሸ ንኣብነት ስሚንቶ ኣብ ልዕሊ ባይታ ዘንጽፍ
- ሰራሕ መነጽር ዓይኒ
- ሰራሕ ማሕተም
- ሞያኡ ቀጻላ፣ስጡሕን ዝርጉሕን ፣ ዝተፋላለዩ ሕብርታት ዘለዎም ንኣሽቱ ኣእማን ዝገጣጥም ሰብ
- ሰዓሊ
- ሞያኡ ግልሸና ዝኾነ፣ ብከሚካዊ ንጥፈት ቀጥታዊ ከረንቲ ምምንጫው
- ሕንጻ ዘጽርይ
- ቫዩሊን ዓይነት ናይ ሙዚቃ መሳሪያ ዝሰርሕ
- ኣብ ጠርሙስን ዝበሰለ ካይላን ፓርቸሊና ዝስእል
- ሞያኡ ብጥርሙስ ዝተሰርሐ እቕሓ ኣብ መወዳእታ ምምሕያሽን ምቕያርን ዝኾነ ሰብ
- ኣንጠረኛ ወርቅን ብሩርን
- ወቓራይ፣ ኣብ ከውሒን ዕንጨይትን
- ናይ ሙዚቃ መሳርሒ ኣኮርድዮን ዝሰርሕ
- ቀራጺ ዕንጨይቲ
- ብዕንጨይቲ ተነፋሒ መሳሪያ ናይ ሙዚቃ ዝሰርሕ
- ሰራሕ ካይላ ፣ ካይለኛ
- ፒያኖን ኣርፒኮርዶን ዝሰርሕ
- ዘንቢልን ተንኮበትን ዝሰርሕ
- ነጋዳይ ጸምሪ
- ሰፋያይ ፣ ሳርቶ
- ናይ ሜታልን ደውልን ቅርጺ ዝህብ ማሺን
- ብሜታል ቅርጺ ሰራሕ
- ብሜታል ተነፋሒ መሳሪያ ናይ ሙዚቃ ዝስርሕ
- ሞደለኛ ፣ ከም ሞደል ዚዓዩ ሰብ
- ሞዲስታ፣ ሰፋይ ዘመናዊ ቖዲ
- ጠሓናይ
- ሰራሕ ኦርጋንን ሃርሞኑየምን
- ምድሪ ቤት ብዕንጨይቲ ዝሰርሕ
- ገዛ ዘጸባብቕ
- ናይ ሻሊዚንን ጸሓይ ዝካላሓሉ ጽላላት ዘታዓራሪ
- ኩረሻን ናይ መገሻ ሳንጣን ዝሰርሕ
- ብምልክትን ብብርሃንን ረክላም ዝሰርሕ
- ናይ መቑረጺ መሳርሒ መካኒክ
- ሰራሕ ጫማ
- ሰራሕ ጋንጽላ፣ ሽራዕ ናይ መርከብ
- መጋረጃ ሰኣሊ
- ሰራሕ ዓለባ ፣ ክዳወንቲ (ሊጋቢ፣ ኣላማይ ፣ ስልማት ኣብክዳን ዝሰርሕ፣ ጠላፊ)
- ኣብ ቤት ሕጽቦ ክዳውንቲ ሓጻባይ
- ሰራሕ ሰዓት ፣ ኣዐራዪ ሰዓት
  - ጠማዓይ ወርቂ፣ ወርቃዊ ሕብሪ ዚለኪ፣ ኮላዒ
- ሰራሕ ሽምዓ፣ ጥዋፍ
- ሰራሕ ናይ ወይኒ በርሚል
- ብጭራ ወይ ብቀጢን ስልኪ ዝስርሑ ናይ ሙዚቃ መሳርሒ ዝሰርሕ

# ናይ ትምህርቲ ወይ ስልጠና ወረቐት ምስክር ወይ ሰርትፊከይትን ዘየድልዮም ምስ ናይ ኢደጥበብ ስራሓት ተመሳሳልነት ዘለዎም ስራሓት

- ክዳን ዘሕጽር
- ጨርቅን ክዳንን ዘጻባብቕ
- ናይ ካትራመ ሰራሕተኛ (ብዘይ ናይ መገዲ ስራሕ )
- ሞያኡ ቕልል ዝበለ ጫማ ምዕራይ ዝኾነ ሰብ
- ርሑስ መንድቕን ዓንድን ምንቃጽ
- ናይ መቓብር ስራሕ
- ንመንድቕ ዝኸወን እምኒ ዘንኩልን ዝቖርጽን
- ናይ ምድሪ ቤት ጣውላ ዝዝርግሕ
- ናይ ሰብኡት ጁባ ምስትራር
- ሰራሕ ኣስባስላ
- ሉሕ ናይ በርሚል ዝሰርሕ
- መጻባበቒ ክዳን ሰፋያይ
- ዝተሰርሑ ኣቑሑ ምግጥጣም ምትካል (ንኣብነት መስኮት ፣ ማዕጸው፣ መቓን፣ መደርደርያ ኣቑሑ )
- ንህንጻ ምስራሕ ዝድግፉ ሓጻዊን ዘገጣጥም
- ዝኣረጋ መካይን ዳግም ዘዕርይ
- ብኢድ ዝስራሕ ምንጻፍ ዝሰርሕ
- ቖራጺ ስጋ,
- ኣብ ኣብይ ህንጻ ምስራሕ ነቓዕ ዝሓትምን ዘልምጽን
- ቈርበት ዘልፍዕ
- ናይ ምሰተ መቕድሒ ቱቦ ዘጽርይ
- ስራሕ ጓንቲ
- ንመመልከዒ ዝኾኑ ነገራት ብስልኪ ፣ ብሽቦ ወይ ብጥላጋ ምስራሕ
- ብዕንጨይቲ ዝተሰርሐ ሓደ ኣካል ናይ ህንጻ ካብ ባልዕን ሓውን ምክልኻልን ንህንጻ ካብ ምብልሻው ምክልኻልንን
- ሰራሕ ቀጻላ
- ናይ ዕንጨይቲ መሳልል ዝሰርሕ
- ናይ ዕንጨይቲ ጎማ ዝሰርሕ
- ናይ ቦላፎንን ናይ ደገ መንድቕን መሸፈኒ ዕንጨይቲ ዝሰርሕ
- ናይ ዕንጨይቲ ጫማ ዝሰርሕ
- ጨጕራን፣ ስምበርን ማዕንጣን ዘዳልው ሓራድ ስጋ
- ኣብ ገዛ ምስራሕ ካቮ ዝዝርግሕን ዘተሓላልፍን
- ፒያኖ ቃናያይ
- ብዓል ሞያ ሰነ ቑንጅና
- ዝተቐደደ ክዳን ዝሽቅጥ
- ሽፋን ወይ ጽላል ናይ ፋኑስ ወይ መብራሕቲ ዝሰርሕ
- ናይ ምኩሕሓል ስራሕ ዝሰርሕ
- ናይ ሜታል መጋዝ ዝጸርብ ዝስሕል
- ሜታል ዝልሕምን ዝውልውልን
- ንባኒ መስርሒ ዝኸውን መሳርሒ ዝሰርሕ
- ክዳን ዝሸንሽን
- ናይ ዕንጨይቲ ወይ ሓጺን ዓንዲ ኣብ ማይ ምትካል
- ናይ ትያትር መሳርሒ ዝቐራርብ
- ቱቦን ከናለን ዝጸርግ
- ሰራሕ ጽላል
- ሰራሕ ከበሮ
- ስርሑ ማሺናት ምሕጻብን ምጽራይን ዝኾነ ሰብ
- ጆላቶ ዝሰርሕ (ጆላቶ በቲ ዝተለምደ መሳርሕቲ ዘከፋፍል)
- ኣብ እምኒ ቅርጺ ዘወጽእ
- ኣብ ጨርቂ ዝስእል
- ናይ ቤንዚን መዕቌሪ ባስካ ምጽራይ ፣ንክይምርት ምክልኻል
- ምንጻፍ ዝጸርግ
- ሞያኡ ነቲ ቀለም ዘይሰቲ ብስምዒ  ብምሽፋን ማሕተም ኢድ ኣብ ዓለባ ዝገብር
- ትያትርን ናይ ትያትር ኣቑሑን ዝስእል
- ናይ ቲያትር ክዳውንቲ ዝሰፍይ
- ንትያትር ዝኸውን ቅርጽታት ዝሰርሕ

## 3. ቢዝነስ ምምዝጋብ

ሓደ ናይ ኢደጥበብ ስራሕ ንምስራሕ ኣብ ቤት ምኽሪ ናይ ኢደጥበብ ክትምዝገብ/ቢ ኣለካ/ ኪ። ድሕሪኡ ወረቐት ፍቓድ (ልቾንሳ) ንምርካብ ኣብ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ኣገልግሎት ወይ ካብ ናይ ቢዝነስ ፍቓድ ወሃቢ ቤት ጽሕፈት(Ordnungs- bzw Gewerbeamt) ከተምልክት/ቲ  ኣለካ/ኪ።

## 4. ናይ መንበሪ ፍቓድ ዓይነት

ኣብ ጀርመን ንምጽናሕ ሓደ ናይ መንበሪ ፍቓድ ዓይነት ምሓዝ ኣድላይ እዩ። ኣብ ገሊኦም ናይ መንበሪ ፍቓድ ዓይነታት ብሕጊ ብነብስሓ ምሕዳር ዝፍቀድ እዩ። ኣብ ገሊኦም ግና ኣይፍቀድን። ከምዚ ክኸውን እንከሎ ቅድሚ ብነብስሓ ምሕዳር ምጅማር ካብ ናይ ወጻእተኛታት ጉዳይ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ፍቓድ ምውጻእ የድልይ እዩ። ብዙሕ ዓይነት ናይ መንበሪ ፍቓድ ዓይነት ኣሎ።ንኣብነት ቪዛ፣ ናይ መንበሪ ፍቓድ፣  ናይ ግዜ ገደብ ዘይብሉ ናይ መንበሪ ፍቓድ ወዘተ። ሓደ ዓይነት ናይ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ኣብ ትነብረሉ /ትነብርሉ ቦታ ዝርከብ ናይ ወጻእተኛታት ጉዳይ ዝካታተል ቤት ጽሕፈት  ከተምልክት/ቲ ትኽእል/ሊ  ኢኻ/ኺ ። እንተዳኣ ኣብ ጀርመን ዘይትቕመጥ/ጢ ኾይንካ/ኪ፣ነዚ ጉዳይ ዝምልከቶም ኣብ ወጻኢ ናይ ጀርመን ተወከልቲ ንኣብነት ኤምባሲ ፣ ቆንጽላ እዮም። ካብ ሓደ ናይ ኤውሮጳ ሕብረት ሃገር ፣ ናይ ኤውሮጳ ናይ ቁጠባ ሕብረት ኣባል ሃገር ወይ ካብ ስዊዘርላንድ ዝመጻኻ/ኺ እንተዳኣ ኾይንካ/ኪ ፣ ኣብ ጀርመን ብነብስሓ ሓዲርካ ንምስራሕ ፍሉይ ናይ ወጻእተኛ ፍቓድ የድልየካ/ኪ እዩ።

## 5. ቀረጽ ናይ ምኽፋል ግዴታ

ቀረጽ ናይ ምኽፋል ግዴታ ማለት ፣ ንስኻ/ኺ ንመንግስቲ ቀረጽ ክትኽፍል/ሊ ኣለካ/ኪ ማለት እዩ። ቀረጽ ዘትወስነ ገንዘብ ንመንግስቲ ዝኽፈል እዩ።

## 6. ውሕስነት

ውሕስነት ካብ ሓደጋ ዝከላኸለልካ/ኪ እዩ። ወይ ጉድኣት ከጋጥመካ/ኪ እንከሎ ይኸፍለካ/ኪ። ንኣብነት ውሕስነት ህይወት። በብወርሒ ንውሕስነት ህይወት ገንዘብ ይኽፈል። እንተሓሚምካ/ኪ  እሞ ናብ ሓኪም ምኻድ ናይ ግድን እንተዳኣ ኾይኑ፣ እቲ ውሕስነት  ህይወት ነቲ ሓኪም ይኸፍሎ። ብነብሱ ዝሓድር ሰብ ወሕስነት ብዝምልከት ባዕሉ ክግደስ ኣለዎ። ወሕስነት ህይወት ግዴታ ስለዝኾነ ክህልወካ/ኪ ኣለዎ ። ንብነብሶም ዝሓድሩ ሰባት ኣድላይ ዝኾኑ ዝተፋላለዩ ውሕስነት ኣለው።  ንዓኻ/ኺ ኣየናይ ውሕስነት ኣድላይ ምኳኑ በቲ ስርሕካን/ ስራሕክን ሞያኻን /ሞያኽን ዝውሰን እዩ።

## 7. ብዘይ ክፍሊት ካብ ናትካ/ኪ ቤት ምኽሪ ኢደ ጥበብ ምኽርን ሓበሬታን ርኸብ/ቢ

ኣብዚ ናይ ኣብ ካባቢ ከተማ ሃምቡርግ ዝርከቡ ናይ ሓሙሽተ ቤት ምኽሪ ኢደጥበብ ቤት ጽሕፈታት ትረክብ /ትረኽቢ። ኣብቲ ባዕልኻ/ኺ ብነብስኻ/ኺ ክትሓድር/ሪ ዝትደለየሉ/ዝትደልዩሉ ቦታ ተመዝገብ/ቢ ።




① **[Handwerkskammer Braunschweig-Lüneburg-Stade]**
Friedenstraße 6, 21335 Lüneburg
Tel.: 04131/712-0
E-Mail: info@hwk-bls.de

② **Handwerkskammer Flensburg**
Johanniskirchhof 1-7, 24937 Flensburg
Tel.: 0461/866-0
E-Mail: info@hwk-flensburg.de

③ **Handwerkskammer Lübeck**
Breite Straße 10/12, 23552 Lübeck
Tel.: 0451/1506-0
E-Mail: info@hwk-luebeck.de

④ **Handwerkskammer Hamburg**
Holstenwall 12, 20355 Hamburg
Tel.: 040/35 905-0
E-Mail: info@hwk-hamburg.de

⑤ **Handwerkskammer Schwerin**
Friedensstraße 4a, 19053 Schwerin
Tel.: 0385/7417-0
E-Mail: info@hwk-schwerin.de

ኣብቲ ካርታ እቶም ኣብ ርእሰ ከተማ ሃምቡርግ ዘለው ቤት ምኽሪ ኢደጥበባት ይርከቡ (ቁጽሪ ተምልከት/ቲ).

## 8. ተወሳኺ ሓበሬታ

ኣብ ዝስዕብ ናይ ኢንተርኔት ኣድራሻ ተወሳኺ ሓበሬታን ዘማኽራካ/ኪ ሰብን ትረክብ/ትረኽቢ

<u>:ሓፈሻዊ</u>

- Broschüren des Bundesministeriums für Wirtschaft und Energie:
  - GründerZeiten 10: Existenzgründungen durch Migrantinnen und Migranten (deutsch, arabisch)
  - GründerZeiten 18: Existenzgründungen im Handwerk (deutsch)
  - GründerZeiten 26: Erlaubnisse und Anmeldungen (deutsch)

<u>ርእሰ  ከተማ ሃምቡርግ</u>

- Wirtschaftsförderungen der Landkreise und Kreise in der Metropolregion Hamburg:
  http://metropolregion.hamburg.de/wirtschaftsfoerderung/

<u>ርእሰ ከተማ ሃምቡርግ: ከተማ ሃምቡርግ</u>

- ASM Arbeitsgemeinschaft selbstständiger Migranten e.V.:
  http://www.asm-hh.de/

- Informationen für Flüchtlinge zum Leben in Hamburg, zu Bildung und Arbeit:
  http://www.we-inform.de/

- Unternehmer ohne Grenzen e.V.:
  http://uog-ev.de/

- W.I.R - work and integration for refugees
  http://www.hamburg.de/wir/

---

ዝትዳለወ: ሕዳር 2016

እዚ ሓበሬታን ትርጉሙን ብናይ ርእሰ ከተማ ሃምቡርግ ሓገዝ ዝተዳለወ እዩ።

እዚ ሰነድ ብኣርባዕተ ቋንቋታት ተዳሊው ኣብ ናይ ርእሰ ከተማ ሃምቡርግ ናይ ኢንትርኔት መርበብ ይረከብ። (www.metropolregion.hamburg.de) ከምኡ'ውን ኣብቶም ኣብዚ ዝተሳተፉ ቤት ምኽሪ ኢደጥባባት ናይ ኢንተርኔት መርበብ ይርከብ

## Impressum:

Handwerkskammer Hamburg
Gesine Keßler-Mohr
Holstenwall 12
20355 Hamburg
Tel.: 040 35905-456
E-Mail: gkessler@hwk-hamburg.de